# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.270 ሓሙስ 11 ሓምለ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ኣልኮላዊ መስተ፡ መገላገሊ ጾ መሐከሊ?



ገጽ 3
ጽኑዕ መብጽዓ ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት



ገጽ 4
ሳዋ፡ ካብ ንግስነት ቋጻ ክሳብ ናጻ ኤርትራ

ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 7
ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ መደብ...




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናብ ፕረዚደንት ሳልቫኪር ማያርዲት ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዱ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ናብ ፕረዚደንት ደቡብ ሱዳን ሳልቫኪር ማያርዲትን ህዝቢ ደቡብ ሱዳንን ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቱ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ደቡብ ሱዳንን ዘሎ ጥቡቕን ደልዳልን ዝምድና፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመታት ዝያዳ ከምዝምዕብል ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንፕረዚደንት ሳልቫኪር ማያርዲት ምሉእ ጥዕናን ኣሰልጦ ስራሕቱ ንህዝቢ ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዩ።

ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ብ9 ሓምለ 2011 እያ ናጽነታ ኣዊጃ።

## እምኒ-ሓይሊ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ውጽኢታዊ ስራሕ ተሰላሲሉ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ብቕዓት ውጽኢት ትምህርቲ ንምምሕያሽ - ውጽኢታዊ ስራሕ ከምእተሰላሰለ ገምጊሙ።

ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር መሪሕ ከርስ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝተዛዘመ ዓመተ-ትምህርቲ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ መጠን ምሕላፍ 86 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ - እዚ ኸኣ ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ምስ ምምሕዳራትን ኮምን ተዋሃሂደን ዝኸየዳአ ንጥፈታት ከምዝኾነ ገሊጹ።



ንኣብርክቶ ኮም ብፍላይ ኣብ ምዕጣቕ ጹሓያዊ ጸዓትን ምህናጽ ዝጉደለ ትሕተ-ቅርጻን ዘመጉሰ መምህር መሪሕ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ ዝርከብ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ'ተን 11 ጹሓያዊ ጸዓት ብምውዳዱ፡ ተመሃሮ ብድምጽን ምስልን ዝተሰነየ ትምህርቲ ክቕስሙ በቒዖም ምህላዎም ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ብወገኑ፡ ብቕዓት መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምውርጻጽ ስሉሳዊ ዝምድና ክሕይል ብምዝኽኻር፡ ሕጽረት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምምላእን መተባብሮ መምህራን ንምድጋፍን ብደረጃ ኮም ንዝወሰዱ ተበግሶታት ኣመስጊኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ግዝያዊት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ፡ ንጥፈታት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሕ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ብወገን ምምሕዳር ኣድላዩ ደገፍ ከምዝግበር ገሊጻ።



## ሳዋ - ብኣደላልዋ ባህርያዊ ድኹዒ ዝሰልጠኑ ኣባላት ማ/ስ/ሃ/ኣገልግሎት ተመሪቖም




ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ካብ ናይ ክሽነ ጉሓፍ ባህርያዊ ድኹዒ ንምፍራይ ብዘዳለዎ ዘሎ መደብ መሰረት፡ ኣብ ሳዋ ብክልስ-ሓሳብን ግብርን ዝሰልጠኑ ኣባላት ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ3 ሓምለ ተመሪቖም።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ሳዋ - ርእሱመምህር ኣካዳሚያውን ሞያውን ስልጠና ኢንጅነር ኢብራሂም ዓሊ፡ ኮቲ መደብ ንምትግባር ዝሰልጠኑ ዓቕሚ-ሰብ ስለዘድሊ፡ ካብ ኩለን ኣሃዱታት ሎጂስቲክስ ክፍላተ-ሰራዊትን ኣፍረይቲ ትካላት ማእከል ስልጠናን ዝተዋጽኡ 43 ኣባላት፡ ብምምስራሕ ናይ ክሽነ ጉሓፍ፡ ምድላው ኮምፖስት፡ ከምኡ'ውን ብስዕቤናት ቀማማዊ ድኹዒ ከምዝሰልጠኑ ገሊጹ።

እቲ ትምህርቲ፡ ኣደላልዋ ፈሳሲ ባህርያዊ ድኹዒ፣ ባህርያዊ ድኹዒ ብድኑቕ ነገራት፣ ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ጉሓፍ ክሽነን ተረፍ-መረፍ መግብን፣ ኣጠቓቕማ ፈሳሲ ድኹዒ፣ ካብ ጸህያይ ባሕርን ተረፍ-መረፍ ዓሳን ዝስራሕ ጾረ-ባልዕ - ዝጠቓለለ እዩ።


ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ትምህርቲ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ብዘቐሰምዎ ፍልጠት ብትግሃት ሰራሓም ሕርሻዊ ምህርቲ ንምስሳን ክሰርሑ ተላቢዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ወርሒ ኑሓሰ 2023 ኣትሒዞም ንኣሰታት ሓደ ዓመት ኣብ ሳዋ ብዋውድታት ሰሩኣትክልቲ፡ ምርባሕ ደርሁን ንህቢን ከምኡ'ውን ብምፍራይ ጥ-ጋዝ ዝሰልጠኑ 327 ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ከምእተመረቑ ወኪል ኣሪና ሓቢሩ።

## ተጋዳላይ እድሪስ ዑስማን (ሶታይ) ተሰዊኡ

ጉዱም ተጋዳላይ እድሪስ ዐሶማን ሑመድ (ሶታይ)፡ ብ9 ሓምለ ኣብ መበል 74 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ለካቲት 1967 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ እድሪስ፡ ካብ 1971 ክሳብ 1973 ኣብ ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታትን ዐብልን፣ ካብ 1973 ክሳብ 1977 ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ክሳብ ብመራሕ ሓይሊ፣ ብድሕሪኡ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ ጨንፈር ስንኩላን፣ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ኮሚሽን ቁጠባ-መጓዓዝያን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ኣመሓዳሪ ወረዳ ብምዃን ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ሰውእ ተጋዳላይ እድሪስ ዐሶማን (ሶታይ)፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 8 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 10 ሓምለ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብመስዋእቲ ጉዱም ተጋዳላይ እድሪስ ዐሶማን ሑመድ (ሶታይ) ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

# ኣልኮላዊ መስተ፡ መገላገሊ ዶ መሐከሊ?

እዛ እንነብረላ ዓለም ድሌታት ደቂ-ሰብ ንምምላእ ድልውቲ እያ። ንሕና ኸ ንእትቕርበልና ዕድላት ናብ ረብሓና ንምውዓሉ፡ ማዕረ ክንደይ ኩን ድልዋት ንኸውን? ልክዕ ከምቲ ኣብ ሐዳ ዝተሰረተ ቤት፡ ድሌታትና ክቱር ባህጊ ጥራይ ኩይኑ ደዩ ዝተረፍ ዋላስ ሕልምታትና ንምጭባጥ ነዊሕ ርሕቀት ክንጎዓዝ ቅሩባት ኢና። መብዝሕትኡ ሰብ ዕውትን ሕጉስን ናብራ ንኽመርሕ ምሉእ ድሌት ኣለዎ። የግዳስ፡ ዘድልዩና ንምጭባጥ እንኸፍሎ መስዋእትን እህልኾ ጻዓትን ክፈላለ ግድን እዩ። ገለ ብሉጽ መጻኢ ንምህናጽ ኣብ ቅድሚኦም ንዘርኩብ ጣና ብምቁማት፡ ወጊሑ ክሳብ ዝጻርብ ኣብ ስራሕ ይጽመዱ። ብኣንጻሩ ድማ ብዙሓት ንሕማቕ ወይ ንጽንኩር ገጻት ህይወት ክቕይሩ ኣብ ክንዲ ዝጽዕሩ፡ ኑቲ ብምዕዝምዛም ዝፈለመ ውዕሎኦም እናማረሩ ይዛዘሙዎ። ብሰንኪ'ዚ፡ ስምዒታት ኑብሱ-ምትሓትን ተስፋ-ምቑራጽን ቀልጢፉ ስለዝወርዎም፡ መዕቀቢ ክኾኖም ኣብ ዝሓለኑዎ ብዖቲታት ይሕብኡ። እተፈላለየ ዓይነታት ወልፊ ድማ፡ ካብቲ ክዕቆብሉ ዝሕልንዎ ግጉይ ስፍራ እዩ። ንኣብነት፡ ኣልኮላዊ መስተ ሓደ ካብ ኣዕነውቲ ወልፊ ኩይኑ፡ ብዙሓት ናቱ ግዙኣት ኩይኖም ብጦዘእ-ፍቓዶም ኣብኡ ይዕቆቡ።

ኣልኮላዊ መስተ፡ ብእተፈላለየ ዓቐንን ትሕዝቶን ዝዳለዉ ዓይነታት መስተ የጠቓልል። እቶም ዝዳለዉ ዓይነታት መስተ፡ ዝተፈላለዩ ኣእኻልን ካልእ ውጽኢት ኣትክልትን ተሓዋዊሶም ብዙሕ ናይ ምብኳዕ መስርሓት ምስ ሓለፉ፡ ፍሉይ ሕብሩ፡ ጣዕሚ፡ ሽታን መልክዕን ከም ዝውንኑ ኩይኖም ይቐርቡ። ኣልኮላዊ መስተ ኣገባብ ኣሰራርሓኡን ኣቀራርብኡን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዘመናውን ባህላውን መስተ ተባሂሉ ይከፋፈል።

ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ኣካላት ደቂ-ሰብ ምስ ኣተወ፡ ኣብ ውሽጢ ሐደት ደቓይቕ ማለት ካብ 5 ክሳብ 10 ደቒቕ እንተደንጐየ ከኣ ካብ 30 ክሳብ 90 ደቒቕ ኣብ ዘሎ ፍልልይ ግዜ ለውጢ ከምጽእ ይጅምር። ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ሓንጎል ለውጢ ዘምጽኡ ናይ ኢታኖል ወይ ኢታይል ዝበሃል ኣልኮል ትሕዝቶ ዘለዎ ፈሳሲ ምስ ዝኸውን እዩ። ውሑድ ዓመታዊ ብሞገልየናት ዝቑጸሩ ሰባት ህይወቶም ይስእኑ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣልኮላዊ መስተ ጠንቂ ኣስታት 200 ዝበጽሑ ሕማማት ከም ዝኾኑ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ይሕብር። ኣልኮላዊ መስተ መጠን ዘስዕቦ ጉድኣት ዝፈላለ'ኳ እንተኾኑ፡ ብሓፈሻ ዘይሃስዮ ክፋል ኣካላት ደቂ-ሰብ ከምዘየለ ግን ምግንዛብ የድሊ።

ገለ ካብቲ ኣልኮላዊ መስተ ዘኸትሎ ኣልኮላዊ መስተ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ዝወልዳኦ ናጽላ ጎደሎ ኣካልን ኣእምሮን ዘይንብር ቅርጺ ኣካላት ዘለዎ፡ ትሑት ደረጃ ዕብየትን ክብደትን ዝውንን ናይ ምኳን ተኽእሎኡ ዝለዓለ ይኸውን። ከምኡ'ውን ግዜኡ ዘይኣኸለ ወይ ምውት ዕሽል ክወልዳ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ።



ብጦዘእ-ፍቓድካ ዝጀመርካዮ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ፡ ምስ ምንዋሕ ግዜን ብብዝሒ ምድግጋምን ዕምርኻ ኣሕጺሩ መጻኢ ዕድል ስድራ-ቤትካን ሕብረተ-ሰብካን ዘጸልምት ካብ ኩነ ደኣ፡ ስለምንታይ ኢኻ ዘይተቋርጾ ወይ ቶባእ ኢልካ ዘይትገድፎ? ኣልኮላዊ መስተ ከምቲ ብፍቓድካ ዝጀመርካዮ፡ ብዘብዝሖኻ ደው ከም እተብሎ ምእማን ኣገዳሲ እዩ። ኣብቲ ፈለማ ዋላ'ኳ ጽንኩር እንተመሰለ፡ ናብቲ ድሕሪ ሓያል ጻዕሪ ዝርከብ ራህዋ ብምምዕዳው ግን ካብ መቑሑ ምልቓቕ ይከኣል እዩ። ብሰሪ ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ ምኳንካ፡ ኣብ ጥዕናኻ ኩሉ ዓይነት በደል ትፍጽም ከም ዘለኻ ምስትውዓል የድሊ። ብሰንኪ'ዚ ኣዕናዊ ወልፊ ካብ ስሩ-ምግባር ሕብረተ-ሰብ ከም ዝተገለልካ ተገዚብካ፡ ንጸልማት ጎደና ራሕሪሕካ ብሩህ መጻኢ ንኽህልወካ ቅኑዕ ውሳነ እትመርጸሉ ቅኑዕ ግዜ ሎሚ'ዩ።

ወይ ትሑት ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ዝሰተየ ሰብ ካብ ዘርእዮም ባህርያት ንገለ ንምጥቃስ፦

ልዑል ምንቅቓሕ፡ ብብዝሒ ምዝራብ፡ ድቃስ፡ ድኻም፡ ናይ ሓጎስ ስምዒታትን ካልእን የጠቓልል። ኣብ ሓጺር ግዜ ልዑል ዓቐን ኣልኮል ድሕሪ ምስታይ ዝኽሰቱ ተርእዮታት ድማ፡ ጸገም ምስትንፋስ፡ ዕውሉት፡ ከምኡ ድማ ሞት እዮም። ኣልኮላዊ መስተ ሓደ ካብ ቀዳሞት ስለስተ ጠንቂ ሕማምን ሞትን ደቂ-ሰብ እዩ። ኣብ መላእ ዓለም ብሰንኪ ምስ ኣልኮላዊ መስተ ዝተኣሳሰር ሕማማትን ሓደጋታትን ቀጥታዊ ወይ ቅልጡፍ ሳዕቤን ከኣ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

ሓንጎል ንብርር ንጥፈታቱ ብዝግቡእ ንኸየሰላስል ይዕንቅጽ። ናይ ምዝራብ፡ ምንቅስቓስ፡ ብትኽክል ናይ ምሕሳብ ወይ ምምዛዛን ክእለት ብምጉዳል፡ ንውሑድ ሰዓታት ካብ ከኣታት ከብቢ ብኣተሓሳስባ ንኽትርሕቕ የገድድ። ብዘይካ'ዚ፡ ውሽጣዊ ሙቐት ኣካላት ከም ዝጎድል ይገብር። ነፍሱ-ጾራት ኣልኮላዊ መስተ ምስ ዝሰትያ፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጎደሎ ወይ ምውት ዕሽል ክገላገላ ይቕሰባ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ስድራ-ቤታት ዘይምስምማዕ ብምፍጣር፡ ፍትሕን ቁጠባዊ ቅልውላውን ከኸትል ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብዙሓት ግዙኣት ኣልኮላዊ መስተ ዝኾኑ ሰባት ነፍሰ-ቅትለት ክፍጽሙ ይረኣዩ። ብሰንኪ ልዑል ዓቐን መስተ ጎድጸ ወይ ዓመጽ ዝፍጽሙ ሰባት'ውን ቁጽሮም ውሑድ ኣይኮነን። እዚ ከይኣክል፡ ኣብ ሓደ እዋን ልዑል ሕፍሰት ዘለዎ ወይ ልዑል ዓቐን ዘለዎ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ፡ ንዕውለት ኣቃልዑ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ይኽእል።

መዓስ እዚ ጥራሕ፡ ብሰንኪ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ነዊሕ እዋን ዝኽሰቱ ሳዕቤናት'ውን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ንኣብነት፡ ሕማማት ጸላም ከብዲ፡ መንሽሮ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ምምዛዝ ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ፡ ጸገማት ኣብ ስርዓት-መትኒ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምምዛዝ፡ ጸቕጢ፡ ስእነት ወይ ምምዛዝ ድቃስ፡ ናይ ውላድ ጸገም (መኻንነት) ከስዕብ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕምኻ ይጎድል። ትሑት ብቕዓት ኣብ ስራሕ ወይ ኣብ ትምህርቲ ብምንጽብራቕ፡ ጽግዕተኛ ኣልኮላዊ መስተ ንኽትከውን የገድድ። ማሕበራውን ቁጠባውን ክሳራታት የዛይድ። ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ከምእትፍጽም ብምግባር፡ ንእተፈላለዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት የቃልዕ። ከምኡ'ውን ነፍሱ-ጾራት ግዙኣት ኣልኮላዊ መስተ ምስ ዝኾና፡ ...

ኣብ ሃገርና ብባህላዊ ኣገባብ ዝዳለዉ እተፈለለዩ መስተታት ከም ዘለዉ ይፍለጥ። እዞም ኣብ ውሱን ከባቢታት ብልምዲ ዝዳለዉ መስተታት፡ ስዋ፡ ሜስ፡ ዳጋን ካልኦትን የጠቓልሉ። ኣብ'ዞም ባህላውያን መስተታት ዝርከብ ዓቐን ኣልኮል ዋላ'ኳ ብንጹር ዝፍለጥ እንተዘይኮኑ፡ ይውሓድ ይብዛሕ ግን ኣልኮላዊ ትሕዝቶ ኣለዎም። ኣብ ሕብረተ-ሰብና ባህላዊ መስተ ካብ ሓያሎ ዓመታት ኣትሒዙ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ጸኒሑን ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ምትእኽኻባት፡ እዞም ባህላዊ መስተታት ፍሉይ ክብሪ ተዋሂብዎ ናብ ተጠቀምቲ ወይ ናብ ዕዱማት ኣጋይሽ ይቐርቡ። ኣብቲ ዝግበር እንግዶት ድማ ከም መዘናግዒን መርወይ ጽምእን ስለዝወሰዱ፡ ብብዝሒ ክሃልኩ ይረኣዩ። የግዳስ፡ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣገባብ ኣሰታትያን ትሕዝቶ ሕፍሰትን ኣብ ተጠቀምቲ ጉድኣት ከኸትሉ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ ብዙሓት ሰባት ግዙኣት ናይ'ቲ መስተ ንክኾኑ'ውን ዝዕድም እዩ።

ንኣልኮላዊ መስተ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝተፈላለየ እዩ። መርዝም ትሕዝቶ ኣልኮላዊ መስተ ናብ ዘይመርዝምኑ ንምቕያሩ፡ እቲ ዝበዝሐ መስርሕ ብጸላም ከብዲ'ዩ ዝፍጸም። ኣልኮላዊ ትሕዝቶ ብእተፈላለየ መልክዕ ማለት - ብሽንቲ፡ ረሃጽን ትንፋስን ኣቢሉ ንግዳም ይወጽእ። ኣብ ገለ እዋን ብቕዓት ናይ ጸላም ከብዲ ምስ ዝጎድልን ሕፍሰት ኣልኮላዊ መስተ ምስ ዝዛይድን ግን፡ ስተይቲ ናይ ምጽዋር ዓቕሞም ክጎድል ግድን እዩ። ሓደ ግዙእ ናይ ኣልኮላዊ መስተ ዝኾነ ሰብ፡ ኑቲ መስተ ጠም-ጠም ብምባል ከየዕረፈ ምስ ዝሰትዮ፡ ከምኡ ድማ ክብደት ኣካላቱ ትሑት ምስ ዝኾነ፡ ቀልጢፉ ክሰክር ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ገለ ሰባት ቅድሚ መግቢ ምምጋቦም ብብዝሒ ኣልኮላዊ መስተ ምስ ዝሰትዩ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሞም ካብ ዕለት ናብ ዕለት የንቈልቍል።

ኣብ ሕብረተ-ሰብና፡ ውዲ-ተባዕታይ መስተ ክሰቲ ወይ ክጥዕም ዝዕድም ግጉይ ብሂላት ወይ መግለጺታት ሓሓሊፉ ክውጋዕ ይሰማዕ እዩ። ብብዝሒ ኣልኮላዊ መስተ ዝሰትዩ ሰባት፡ ኑቲ መስተ ከም መፀገሲ ጭንቀትን ካብ ዘደሊ ሓሳብ ከም ዘላግልን ገይርካ ናይ ምርዳእ ግጉይ እምነት ኣለዎም። ብመገዲ እተፈላለየ መራኽቢ ብዙሓን ዝመሓላለፍ፡ ብስእልን ጽሑፍን እተሰነየ መወዓውዒ እውን ጽልዋኡ ብቐሊሉ ዝጥመት ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኣልኮላዊ መስተ ንምስታይ ዘተባብዕ መልእኽቲታት ኣብ ምኽልካሉን ምእጋዱን ዝምልከቶ ኣካል ግዴታኡ ክፍጽም ይግባእ። መንእሰያት፡ ዝኾነ ሓድሽ ነገር ናይ ምፍታን ምሕር ድሌት ኣለዎም። ብኣውራኡ'ውን ጽልዋ መዛኑ ሓያል ድፍኢት ስለዘለዎ፡ ኣብቲ ተኣፋፊ ዕድመ ብምኽንያት ውሽጣውን ግዳማውን ተጽዕኖ ብዙሓት ሽባባት ኣልኮላዊ መስተ ክጥዕሙን ክጅምሩን ድሕር ኣይብሉን እዮም። ኣብ ሓንቲ ስድራ-ቤት ኣልኮላዊ መስተ ዘዘውትር ሰብ ምስ ዝህሉ ድማ፡ ገለ ኣባላት'ታ ስድራ-ቤት ብእኡ ክስሓቡ ዘለዎም ተኽእሎ ልዑል እዩ።

ልምዲ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ፈለማ ክጅምር እንከሎ፡ ምናልባት ሃሲያኡ ጎሊሑ ዘይከርእ ይኽእል እዩ። እቲ ብውሑድ ዓቐን ዝተበገሰ ልምዲ ግን፡ ምስ ግዜ እንተዘይቀጺልካዮ ቀጻልነት ህይወትካ ዘቋርጽ ክሳብ ዝመስለካ ክትሕንፍፎ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፡ 'ውሕጅ ከይመጽ፡ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ'' ስለዝኾነ ቁም-ነገሩ፡ ስድራ-ቤታት ዚ ኣዕናዊ ወልፊ ብኢጋኡ ንምግታኡ መታን ክኽእሉ፡ ደቀን ብዘዕባ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣልኮላዊ መስተ እኹል ርድኢት ከም ዝህሉዎም ንምግባር ወርትግ ከይሰልከያ ክምዕዳን ክመኽራን ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ማዘና ናብ ጎደና ዕብየትን ጥፍኣትን ክመርሑካ ዝለዓለ ጽልዋ ስለዘለዎ፡ ወለዲ መዋዕልቲ ደቆም ከፈልጡን ክቆጻጸሩን ግደኤታኦም እዩ። ዝኾነ ሰብ ብፍላይ መንእሰያት ኣልኮላዊ መስተ ካብ ዝሸየጠሉ ከባቢ ክርሕቑን ኣብ ካልእ ንጥፈት ክጽመዱን ይምከር። ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ ዘጥቅዖም ሰባት ድማ፡ ኣብሪ ፍታሕ ንኽረኽቡ ናብ ሰቡ ሞያ ጥዕና ብምምራሕ፡ ብሕክምናዊ ክንክን ካብቲ መርዛም ፈሳሲ ክገላገሉ ይኽእሉ።

ኣልኮላዊ መስተ ሱቲኻ ተሸከርኪርካ ምምራሕ፡ ኣብ ህይወት ሰብን ንብረትን እተውርዶ ዕንወት ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ልዑል ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ምጭላጥ ኣብ ጥዕናኻን ገዛእ-ርእስኻን ዘኸትሎ ክሳራ ከይኣክል፡ ንምዚዛን ኣተሓሳስባኻ'ውን ኣዘናብሉ ንገበን የቃልዕ። ብልዑል ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ተደፋፊኦም ኣብ ልዕሊ ንጹሃን ዜጋታት ገበን ዝፍጽሙ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ስለዚ፡ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ ዘጥቅዖም ሰባት ሳዕቤኑ ከይሰዕርሮምን መዋእሎም ምሩኻት ናቱ ከይኮኑን መታን፡ ሎሚ ተባዕ ውሳነ ክወስዱ ይግባእ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጳ. 247

ሌይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሳኤ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጳ. 1284

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሪፖርታዥ

# ጽኑዕ መብጽዓ ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት

## - ውደት መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዞባ ዓንሰባ -

ቤቲኤል ሰለሞን

'ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይትዓጠቕ!' ዝብል መሪሕ ጭርሖ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተኸቲሉ፡ ሃማመተኤ፡ ንመንእሰያትን ተመሃሮን ኣብ ኩሉ መዳይ ንቕሓቶም ንምብራኽ፡ ተወዲቦም ዝዓደሉ ዕድላት ኣብ ምፍጣር፡ ከምኡ'ውን ኩሉ ዓይነት ሞያ ዓጢቖም ኣፍረይቲ ዝኾኑሉ መንገድታት ብምጥጣሕ ይሰርሕ ኣሎ። እዚ ማሕበር እዚ ኩሉ ዘካይዶ ወፍራ፡ ብኹልንትንኡ ንቕሕ፡ ውፉይን ብቑዕን መንእሰይ ንምህናጽ ዝዓለመ እዩ።

ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ'ውን ነዚ መሪሕ ዕላማታት ኣብ ቅድሚት ብምቕማጥ፡ ታሪኹ ዝፈልጥ፡ ክብርታቱ ዝዕቅብን ሞያዊ ክእለት ዝወነነን መንእሰይ ንምፍራይ ሓያል ጻዕሪ የካይድ ኣሎ። ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ፡ መንእሰያት ታሪኽ ሃገሮም ንኽፈልጡ ሓደ ካብቲ ዝጥቀመሉ መንገድታት፡ ብዝተወደበ መልክዕ፡ መንእሰያት ተጠርኒፎም ናብ ታሪኻዊ ቦታታትን ጀግንነት ዝተፈጸመሉም ስፍራታትን ዑደት ክም ዘካይዱ ምግባር'ዩ። እንሆ ሎሚ ዓመት'ውን ከም መቐጸልታኡ፡ ካብ 22-25 ሰነ 2024 ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ግንባር ሓልሓልን ደጀናቱን 689 መንእሰያት ሰራሕተኛታትን 120 ዕድማት ኣጋይሽን ዘሳተፈሉ ዑደት ኣካይዱ ይርከብ።

እቲ "ጽኑዕ መብጽዓ ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ታሪኻዊ ዑደት፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን ዝርከብዎም ኣካላት መንግስቲ፡ መሻርኽትን ዕዱማት ኣጋይሽን ነቲ ዑደት ተሳቲፎም ኣለዉ። እቲ መደብ፡ ናብ ታሪኻዊ ግንባር ሓልሓል ምብጻሕን ነቲ በብመድረኹ ብዝተፈላለያ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝተፈጸመ ቅያን ውዕሎ ጀጋኑና ንምድህሳስ በቲ ሓደ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ በረኻ መንግስቲ ቀርጺ ብምትካል፡ ጽፉፍ ምምሕዳር ህዝብን ምውዳድ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዘረጋገጾ፡ ድሕሪ ኣተሓሳሰባታትን ጸቐጥን ብምብዳህ ተራ ደቂ ኣንስትዮ ዘውሓሰን ውድብ ምንባሩ ዘንጸባርቕ መደብ እዩ ነይሩ።

ንዕላማ'ቲ መደብ ኣመልኪቱ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ "ታሪኻዊ ስፍራ በጺሕና፡ ቅያን ጅግንነትን ኤርትራውያን ንምፍላጥ ምዝኻርን እኳ እንተኾነ፡ ድምር ዕላምኡ ግን ንሕና ምህላውና ንምርግጋጽ፡ ንህንጻትን ምክልኻልን ንልምዓትን መኸተን ድሉዋት ምህላውና ምስ ነብስና ርግጸኛታት ንምኻን ዝዓለመ'ዩ፡" ክብል ኣብሪሁ።

እቲ ካብ ከተማ ከረን ዝተበገሰ ተሳታፋይ፡ ኣብ ዝሓለፎ ከባቢ፡ ብህዝቢ ድሙቕ ኣቀባብላ እናተገብረሉ እዩ ተጓዒዙ። ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ምምሕዳር ከባቢ መለብሶ ኣብ ዝበጽሓሉ ድማ ብኣባላት ኮማንዶ ንዝተፈጸመ ፍጻሜታት ዝምልከት መብርሂ፡ ብኣዛዚ ክ/ሰ 63 ሌተናል ኮለኔል መንግስትኣብ ሳሙኤል (ማርቶቭ) መግለጺ ተዋሂብዎ። ብድሕሪ'ዚ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ርሀይ ናብ ዝተዳለወ መደብ ኣምሪሖም። ንሓፈሻዊ ኣተሓሕዛን ኣቃውማን ግንባር ሓልሓልን ሰራዊቱን ዘብርህ መግለጺ፡ ብኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴ ተዋሂቡ።

ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴ ኣብ ቃሉ፡ መንእሰያት ናብ ቦታ ታሪኽ ብኣካል ብምብጻሕ ታሪኾም ክፈልጥዎ ንዝገበሩ ኣካላት ብምምስጋን፡ ግንባር ሓልሓል ሓደ ካብቶም ንምዕዋት ቃልስና ዋጋ ዝሓተተ ግንባራት ምንባሩን ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምዕዋት ቃልሲ ቀሊል ተራ ከም ዘይነበሮን ኣብሪሁ። ብምቕጻል፡ ኣብቲ ንዥኽሪ ህዝብን ተጋደልትን ግንባር ሓልሓል ተባሂላ ብክ/ሰራዊት 96 ዝተሃንጸት ሓወልቲ ብምብጻሕ፡ ኣብ ፊታ ዘሎ በሪኽ ቦታ ብምድያብ ንኣተሓሕዛ ድፍዓት ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ግንባር ሓልሓል ሓደ ካብቶም ህዝባዊ ሓይልታት ንምምካት ጸላኢ ዝሓዞም ዕርድታት ኮይኑ፡ ክሳብ ምድምሳስ እዚ ናደው፡ ኣብኡ ዓሪዱ ምስ ዝነበረ ጸላኢ ከቢድ ምርብራባት ዝተኻየደሉ ግንባር እዩ። እቲ ስድሪ መሬት ኤርትራ እኳ ከይተረፈት ታሪኽ ከም ዘለዋ ዘንጸር ታሪኻዊ ዑደት፡ ናብ ታባ ዓሰርተ ብምብጻሕ እዩ ቀጺሉ። ኣብኡ ድማ ኣብ ዕለት 10፡ ወርሒ 10፡ ሰዓት 10 ናይ 1985 ኣብቲ ብልሙድ ዓሰርተ ተባሂሉ ዝፍለጥ ከባቢ ዘጋጠመ ፍጻመ፡ ኮለኔል ጴጥሮስ በኽረጽዮን (በርቂ) ኣዛዚ ክ/ሰ 49ን ኮለኔር ክብሮም ንርኣየ ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስ ዞባ ዓንሰባን፡ ብኣዝዩ መሳጥን ተዘክሮን ኣገላልጻ ተዘንትዩ። ኣማሳይኡ ጉዕዞ ናብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ እዩ ኣቢሉ። ናይ ቀዳማይቲ መዓልቲ፡ ብዙሕ ተዘካሪ መደባት ሒዛ ድማ ተዛዚመት።

ኣብ ዝቐጸለ መዓልቲ፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ንዝተፈላለየ መድረኻት ጉዕዞ ሰውራ ኤርትራ ዝገልጽ ሰሚናር ኣካይዱ። ታሪኽ ኤርትራ፡ ብመንእሰያት ዝተሰርሐ ታሪኽ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ዓብደላ፡ እዚ ታሪኽ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምስግጋሩ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ስለዝኾነ፡ መንእሰያት ንዝረኸብዎ ዕድላት ናብ ከምኦም መንእሰያትን ንኣሽቱ ኣሕዋቶምን ከመሓላልፍዎ ብምምሕጻን፡ ነቲ መደብ ዝወደቡን ዘዐወቱን ኣካላት ኣመስጊኑ።

ንድሕረ-ባይታ ንኡስ ዞባ ኣስማጥን ህዝቢ ኣብ ሰውራ ዝነበሮ ተራን እውን፡ ኣብቲ እዋን ኣባል ጀማሂር ብዝነበረ እድሪስ ዒሊ ሸክር ንተሳተፍቲ ተገሊጹ። ድሕሪ ሰሚናር ናብ ኣስማጥ ዓዳይ፡ ታባ ጠወን ብምብጻሕ፡ ብጸላኢ ዚጋጥም ዝነበረ ግፍዕታትን ንኣጀማምራ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥን ዘብርህ፡ ኣብ እዋን ምምስራት ትምህርቲ ዝነበሩ ተመሃሮን መምህራንን ተዘክሮኦም ኣካፊሎም ። ብድሕሪ'ዚ ናብ ማእከል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰልዓ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝኾነት ርከብ እዩ ጉዕዞ ኣምሪሑ። ኣብ ርከብ፡ ዑደት ድሕሪ ምክያድ፡ ተሳተፍቲ ናብ መበገሲኦም ቦታ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ተመሊሱ።

ብዝወጸ መደብ መሰረት ኣብ ድሕሪ ቀትሪ፡ ንተራ ትምህርቲ ኣብ ምዕዋት ሰውራን ህንጸት ሃገርን ብግብራዊ ተመክሮ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ብገዳይም ሓለፍትን መምህራንን ተመሃሮን ሰፊሕ ሰሚናር ተኻይዱ። ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብቲ ዝጸንከረ እዋን ኣብ ትምህርቲ ዝዀደ ወፍሪን ህዝቢ ኣስማጥ ዘርኣየ ናይ ምምሃር ድሌትን ዘንጸባርቕ፡ ብቐሊሉ ክትርድኦ ዝኽእል ሰሚናር እዩ ነይሩ። ኣብቲ ናይ ዑደት ግዜ ኣብ ተኸተታሊ ምሸት ብጉጅለ ባህሊ ኣስማጥን፡ ካብ ከረን ዝተጓዕዘት ጉጅለ ባህሊ ቤኒፊርን ንህዝብን ተጓዓዝትን ናይ ምዝንጋዕ መደባት ተኻይዱ ነይሩ።

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ፡ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዱ፡ ተራ መንእሰያት ኣብ ልምዓታዊ መደባት ብዝብል ኣርእስቲ ሰሚናር ኣካይዱ። መንእሰያት፡ ንምዕባለ ሕብረተሰብ ቀንዲ ረቛሕቲ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ንዝረኸብዎ ጸጋታት ንዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋር ብተግሃት ክዓዩ ጸዊዑ። እቲ ብውድብና ዝብል መዝሙር ዝፈለመ መደብ፡ ንሰሚናር ኣቦ መንበር ሰዒቡ ንጋግ ወለዶታት ትገልጽ ብመንእሰያት ዝተጸንዐት መጽናዕታዊ ወረቐት ቀሪባን ተዘትዪላን። ሰዒቡ፡ ንታሪኽ ዝምልከት መግለጺ ብኣቶ ነጸርኣብ ኣዛዚ ቀሪቡ።

ከም ኣካል ናይቲ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ክካየድ ዝተወጠነ መደብ፡ 700 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ወዕላ እዩ ተኻይዱ። እቲ ወዕላ፡ ኣብ ጉዳይ ምድጋፍ ደቂ ሰማእታት፡ ወለንታዊ ትምህርቲ ንቐልዑ ምሃብን ምሕያል ውዳቤታት መንእሰያት ሰራሕተኛታት ሃማመተኤን ዘጠቓለለ ወዕላ እዩ ነይሩ። ተሳተፍቲ ዓሚቝን ንቕድሚት ዘሰጉምን ሰፊሕ ዘተ ብምክያድ፡ ውሳኔታት ኣሕሊፎም።

እተን ውሳነ ዝተዋህበለን ነጥብታት ድማ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ፡ ነቲ ብንጹ ዝረኸብዎ ፍልጠት ናብ ንኣሽቱ ዜጋታት ብናጻን ብወለንታን ከመሓላልፉ፡ ኩሉ መንእሰይ ነዚ ውሳኔ ተኸቲሉ ንትግባረኡ ክሰርሕ፡ ስድራቤት ሰውኣት ምሕጋዝ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ካብኡ ናብኡ ድማ ሓላፍነትን መንእሰያት ስለዝኾነ፡ ኩሉ መንእሰይ ነዚ ዕማም ድሉው ምህላዉ ዘረጋግጽ ውሳኔ ተመሓላሊፉ።

ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን ኣብ ዘስምዖ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ "ዝመጸ ወለዶ ይወርርስ የማዕብል፡ይልውጥ፡" ክብል ድሕሪ ምጥቃሱ፡ መንእሰያት ከም ኣካል ናይ ሓድሽ ወለዶ፡ ንዝኣ ርእሶም ማዕቢሎም ናይ ለውጢ ኣካላት ክኾኑ ከም ዘለዎም ብምግላጽ፡ ወዕላ መንእሰያት ንትጨባጢ ስራሕ ዝተበገሰ ብምዃኑ፡ ዝተዋህበ ውሳኔታት ወዕላ ኣብ ትግባረ ዝውዕለሉ ኩሉ መዳያዊ ደገፋት ንምብርካት ድሉውነቱ ኣረጋጊጹ።

በዚ ድማ ወዕላ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ብዓወት ተዛዚሙ። ንምሸቱ ምስ ዕዱማት ኣጋይሽ ሓቢሩ ብዝተጓዕዘ ድምጻዊ ሳሙኤል ተዓገስ፡ ብዝተፈላለየ ጣዕመ ዜማ ንተሳተፍቲ ከዛኒ ከሎ፡ ኣባላት ማሕበር ጆሙማን ድማ ብቐንቋ ምልክት ደርፊ ኣቕሪቦም።

እቲ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝተኻየደ ዑደት፡ ኣብ ሓልሓል፡ ጀንገሬን ብህዝቢ ብዝተገብረ ኣቀባብላ ተሰንዩ እዩ ናብ ከተማ ከረን ኣምሪሑ። መንእሰያት ተጓዓዝቲ፡ "ሆ" እናበሉን ሓጎሶም እናጸንበሉን እዮም ንኸተማ ከረን ኣትዮም። ህዝቢ ከተማ ከረን'ውን ኣብ ጉደናታት ብሓጎስ ተቐቢሉዎም።

እዚ ብሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ ዝተኻየደ ዑደት፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዓመት 2019 ኣስታት 1800 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ምብጻሕ ናብ ድፍዓት ገንፈሎምን መስሓሊትን እዩ ነይሩ።





# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ
መበል 13 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ብዛዕባ ዓለምለኻዊ ደንቢታት ኣልዒልና፡ ዓለምለኻዊ ፖለቲካን ዓለምለኻዊ ቁጠባን ብሕጻር ዝበለ ተመልኪትና፣ ብዛዕባ ናይ ሮም ደንቢ ቤት ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ኮነ ማሰርሕን ተግባራትን ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ንምርዳእ ከኣ፡ ኣብኡት ክኾና ናብ ጉዳይ ፕረዚደንት ዑመር ኣልበሽር ሰጊርና። ከም ድሕሪ ባይታ ከኣ ብተደጋጋሚ ወተሃደራዊ ዕልዋን ምቅይያር መንግስታትን ዝልለ ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ታሪኽ ስርዓታት ሱዳን ዳህሲስና። መቐጸልታኡ ይሰዕብ–*


ኣሕመድ ኣልሙርቓኒ

### ሳልሳይ 'ለዋህ' ወተሃደራዊ መንግስቲ ሱዳን

ዓብደል ራሕማን ሱዋር ኣል-ዳሃብ ካብቶም ቀድሚኡ ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ዘካየዱ ፍልይ ዝበለ ይመስል። ኣብ 1985 ንኑሜሪ ምስ ገልበጠ ባዕሉ ከም ኣቦ-መንበር ዝመርሖ "መሰጋገሪ ወተሃደራዊ ካቢነ (Transitional Miltary Council) ብ6 ሚያዝያ 1985 ኣቖመ። ኣብ ውሽጢ ዓመት ምርጫ ከምዝካየድ ብምግባር ከኣ፡ ብ6 ግንቦት 1986 ፕረዚደንታዊ ስልጣን ንኣሕመድ ኣል-ሙርቓኒ ኣረኪቡ፡ ብዘይ ሰላቦ ጉተቶ ካብ ስልጣኑ ተኣልዩ።

### ካልኣይ ኣንፈት ደሞክራሲ

ድሕሪ 1966 ካብ 1 - 12 ሚያዝያ 1986 ንመጀመርያ ግዜ 12 ሰልፊታትን ብዙሓት ውልቀሰባትን ዝተሳተፍዎ ሃገራዊ ምርጫ ተኻይዱ። እቲ ውድድር ን301 መናብር ባይቶ ኮይኑ፡ ዓቢ ክፋል ናይ ደቡብ ሱዳን ኣብ ኲናት ስለ ዝነበረ ኣብ ውድድር ዝኣተወ 260 መንበር ጥራይ ነበረ። ኣብዚ ውድድር'ዚ ናይ ሳዲቕ ኣል ማህዲ ሰልፊ ኡማ 101 ድምጺ፡ ሰልፊ ደሞክራሲያዊ ስምረት (ኣሕመድ ኣል-ሙርቓኒ) 63 ድምጺ፡ ሃገራዊ እስላማዊ ግንባር ናይ ሓሰን ኣል-ቱራቢ 51 ድምጺ፡ ረኺበን። ዝኾነ ናይ 1986 ምርጫ ገለ ምዕራባውያን ጸሓፍትን ሃገራትን ናይ መጀመርያ ናጻን ፍትሓውን ምርጫ ኣብ ኣፍሪቃ ክብሎ ገሊጸንኦ ነይረን። ኣብዚ ምርጫ'ዚ ንሃገራዊ እስላምዊ ግንባር ዝዓበየ ደገፍ ዝገበሩ ምሁራት ዳርጋ 40% (23 መንበር)፡ ተቐማጦ ካርቱም 30% (13 መንበር) ምንባሮም፡ እቲ ላዕለዋይ ቀጻላ ሕብረተሰብ ኑቶም ነባራት ፖለቲከኛታትን መኮንናትን ይኣክል ዝበሎም ይመስል።

ድሕሪ'ቲ ምርጫ ዝቘመ ልፍንታዊ መንግስቲ ሰልፊ ኡማ፡ ሰልፊ ደሞክራሲያዊ ሕብረት፡ ሃገራዊ እስላማዊ ግንባርን ኣርባዕተ ንኣሽቱ ሰልፍታትን ዝጥርንፍ እዩ ነይሩ። ኣሕመድ ኣል-ሙርቓኒ ፕረዚደንት፡ ሳዲቕ ኣል-ማህዲ ከኣ ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኖም ተሸይሞም። ቤተሰብ ኣሕመድ ኣል-ሙርቓኒ ወለዶ ናይ ነብይ መሓመድ እዮም ብዝብል እምነት ተቐባልነት ስለዘለዎም ኣብ ሱዳን ብኽቡሪ እዮም ዝርኣዩ። ኣሕመድ ኣል-ሙርቓኒ ሰይድ ብዝብል ልዑል ናይ ሃይማኖት ክብሪ እዩ ዝጽዋዕ ነይሩ። ከም ፕረዚደንት ኣብ ስልጣን ምምጽኡ ከኣ ንብዙሓት ሱዳናውያን ቅሳነት ከም ዝፈጠረሎም ኣየጠራጥርን።

ናይ ኣል-ሙርቓኒ መንግስቲ ክልተ ቀንዲ ዕላማ ቁጠባ ሱዳን ምብርባርን ውግእ ደቡብ ሱዳን ብሰላም ምፍታሕን ነበረ። ይኹን'ምበር እቲ ልፍንታዊ መንግስቲ ተሓባቢሩ ክሰርሕ ኣይከኣለን። ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ከኣ፡ ኑቲ ምዕራባውያን ናይ መጀመርያ ናጻን ፍትሓውን ምርጫ ኣብ ኣፍሪቃ ኢለን ዝጠመቓኦ ስርዓት፡ ዑመር ኣል-በሽር ዝመርሖ ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ብ30 ሰነ 1989 ኣልዩዎ። ብጭቡጥ ዝበለት ሃገር ግን ኣይነበረትን።

### ራብዓይ ወተሃደራዊ መንግስቲ ሱዳን

ዑመር ሓሰን ኣሕመድ ኣል-በሽር ብዕልዋ መንግስቲ ስልጣን ብምሓዝ ንሱዳን ዝነውሐ ግዜ፡ ን30 ዓመት ዝመርሐ ንገዛእ ርእሱ ከኣ ብዕልዋ መንግስቲ ብ11 ሚያዝያ 2019 ዝተኣልየ እዩ።

ኣል-በሽር ኣብ ስልጣን ምስ መጸ ፖለቲካዊ ሰልፊታት ኣጊዱ፡ "ሰውራዊ ፈጻሚ ሽማግለ ንሃገራዊ ድሕነት (Revolutionary Command Council for National Salvation)" ዝበሃል ንሓጋጊን ፈጻሚን ኣካል ዝትክእ ኣካል ብምቛም ንኡብሱ ኣቦ መንበር ገይሩ መዚዙዎ። ቀጺሉ ንኡብሱ ላዕለዋይ ሓላፊ መንግስቲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት፡ ሚኒስተር ምክልኻል ገይሩ መዚዙ። ብኡ ንብኡ ከኣ ምስ መራሒ ሃገራዊ እስላማዊ ግንባር ሓሰን ኣል-ቱራቢ ተሻሪኹ። ኣቐዲምና ከምዝረኣናዮ ቱራቢ ሰፊሕ ደገፍ ምሁራትን ተቐማጦ ካርቱምን ዝነበሮ እዩ። ቱራቢ ቅድሚ ዕልዋ መንግስቲ ኣብ ሰሜን ሱዳን ሕጊ ሸሪዓ ድሮ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሱዳን ኣተኣታትዩ ነይሩ።

በሽር ብ16 ጥቅምቲ 1993 ንኡብሱ ፕረዚደንት ብምሽያም ኑቲ ባዕሉ ዘቘሞ "ሰውራዊ ፈጻሚ ሽማግለ ንሃገራዊ ድሕነት" ኣፍሪሱዎ።

ድሕሪ ዕልዋ መንግስቲ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ሰማዊ ሃገራዊ ምርጫ ናይ 1996 በሽር ብዓብላሊ 75% ድምጺ ረኺቡ፡ ንሓሙሽተ ዓመት ተመሪጹ። በሽር ምስ ቱራቢ ዝነበሮ ዝምድና እናሻሕከረ ምስ ከደ፡ ብ12 ታሕሳስ 1999 ወተሃደራትን ታንኪታትን ናብ ፓርላማ ብምስዳድ ኣብ ናይ ገዛ ማእሰርቲ ኣእትዩዎ። ቱራቢ እንተላይ ንኦሳማ ቢን-ላዲን ብምዕዳም ንሱዳን ባይታ ሽበራውያን ገይሩዋ ዝብል ብዙሕ ክስታት ይመጾ ከምዝነበረ ይፍለጥ። ድሕሪ ብዙሕ ጸቕጥን ደማዊ ኲናትን ኣብ 2005 በሽር ምስ ደቡብ ሱዳን ናይ ሰላም ውዕል ብምፍራም፡ ንሓደ ካብ ቀንዲ ጸገማት ሱዳን መዕለቢ ገይርሉ።

ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር በሽር ግን ኣብ ውግእ ምዕራብ ሱዳን ዳርፉር፡ ዘሰንፍአ ገበን ተፈጺሙ። ኣብ ውግእ ምዕራብ ሱዳን፡ ዳርፉር ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰለማውያን ሰባት ከምዝተቐትሉ፡ መንግስቲ ሱዳን እዉን ተኣሚንሉ እዩ። ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበናትን ሕቡራት መንግስታትን፡ ካልኦት ብዙሓት ናይ ምዕራብ መንግስታትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኣብ ዳርፉር ዝተቐትሉ ሰለማውያን ሰባት ከባቢ 300,000 ከምዝበጽሑ ይገልጹ።

ክሲ ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበናት (ቤኣገ)

ብ14 ሓምለ 2008፡ ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበናት (ቤኣገ)፡ ኣብ ዳርፉር ካብ 2003 ጀሚሩ ኣብ ዝተፈጸመ ምጽናት-ሰብ፡ ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት፡ ናይ ውግእ ገበን፡ በሽር ዝሃንደሶን ዝተግበሮን ገበን ስለዝኾነ ብውልቂ ተሓታቲ እዩ ኢሉ ክሲ መስሪቱ። ክሲ ኣንጻር በሽር ናይ ኤቶን ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ደገፍ ነይሩዎ። በሽር ተኣሲሩ ንኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ክቐርብ፡ ናይ ማእሰርቲ እዚዝ ብዳያኑ ቤኣገ ተበይኑ። እቶም ዳኛታት ግን ኣብቲ ምጽናት-ሰብ ዝብል ክሲ ኣንጻር በሽር ብቑዕ ጭብጢ ከምዘይረኸቡ መዝገቦም።

ሱዳን ከም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካልኦት ብዙሓት ሃገራትን ኣባል ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበናት ስለ ዘይኮነት፡ ጉዳዩ ኣይምልከተኩምን ብምባል ንበሽር ኣይነረክቦን ኢላ (ብዘይጥርጥር ናይ በሽር ውሳነ እዩ)። ይኹን'ምበር ናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ ጸጥታ ባይቶ ብዘሕለፎ ውሳነ መሰረት ሱዳን ብውሳነ ቤኣገ ክትቅየድ የግድዳ እዩ። ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ከኣ በሽር ኢዱ ክህብ፡ እንተኣብዩ ከኣ መንግስት ሱዳን ከረክቦ ጸዊዑ። ኣብ ታሪኽ ንመጀመርያ ግዜ ብቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበናት ዝተኸሰሰ መራሒ በሽር እዩ። ንውሳነ ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበናት ከኣ ሕብረት ኣፍሪቃን ዓረብ ሊግን ተቓዊመንኦ። በሽር ከኣ ተኣጊዱ እንከሎ ናብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ቻይና፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ኢምረይትስ ገይሹ። በሽር ብዕልዋ መንግስቲ ድሕሪ ምእላዩ፡ ብ11 ለካቲት 2020 ሓድሽ ስርዓት ሱዳን ንበሽር ንቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበናት ከረክቦ ተሰማሚዑ። ዛጊት ግን ኣየረከበን።

### ሳልሳይ ኣንፈት ደሞክራሲ

ዑመር ኣል-በሽር ከምታ ኣብ ስልጣን ዝመጸ ድሕሪ 30 ዓመት ብወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ተኣልዩ። በሽር ንሱዳን ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ መሪሑዋ። ኣብ ግዜ በሽር ህዝቢ ሱዳን ብዙሕ ናዕቢ ኣካይዱ ኣብ መጨረሻ ከኣ ኑቲ ህዝቢ ዝጀመሮ ተቓውሞ ብምድጋፍ ወተሃደራት ካብ ስልጣን ኣውሪዶሞ። ድሕሪ በሽር ኣብ ሱዳን ተስፋ ሰላምን ምርግጋእን ዝተራእየ መሲሉ ነይሩ። እንተኾነ ከምቲ ብኣንጻር ትጽቢት ብዙሓት ሱዳን፡ ናብ ኲናት ሓድሕድ ኣምሪሓ። ህዝቢ ሱዳን ሰላምን ምርግጋእን ክረክብ ናይ ኩሉ ደላይ ሰላም ባህጊ ኮይኑ፡ ሱዳን ናብ ምንታይ ተምርሕ ግን ንግዜ ዝግደፍ እዩ። እቲ ህልዊ ኩነታት ግን ኣመና ኣሰካፊ እዩ።

ዘይምዕሩይ መሰርሕን ተግባርን ቤት ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበናት

ኣቐዲምና ከም ዝጠቐስናዮ ኣብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ገበን ዝፍጽም ኣብ ኣፍሪቃ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ዝኽሰሱ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ኣፍሪቃውያን ጥራይ እዮም። እዚ ዘይምዕሩይን ዘይፍትሓውን ኣገባብ ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ዒሚም ዝበላሉ ነገር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዑመር ኣል-በሽር ምስ ተኸሰሰ'ውን ሕብረት ኣፍሪቃ ብወግዒ ተቓዊሙ እዩ።

ብግብሪ ድሕሪ ውግእ ዒራቕ ከም ዝረኣናዮ፡ ምዕራባውያን ወተሃደራት ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ብዙሕ ገበን ፈጺሞም ኩብቅዑ፡ ብቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ክሲ ዝተመስረተሉ ጨሪሹ የለን። ገለ ካብቶም ገበን ዝፈጸሙ ንኣብኡት ኣብ ወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ሕቡራት



ዓብዱራሕማን ስዋር ኣድሃብ

መንግስታት ኣመሪካ ተኸሲሶም፡ ገበኖም ዝተረጋገጸ እዮም። ይኹን'ምበር ፕረዚደንት ትራምፕ ምሕረት ገይሩሎም።

ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ብዛዕባ ከም ናይ በሽር ዓይነት ገበን ዝፍጽሙ መራሕቲ ዘይኮነስ፡ ብዛዕባ ልኡላውነት ሃገራት እዩ። ሓደ ልኡላዊ ሃገር ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ንዝፍጸሙ ገበናት፡ ክሲ ምምስራትን ምፍራድን ምቕጻዕን ሓደ ካብ ቀንዲ ሓላፍነቱ እዩ። ብዘይ ጥርጥር ዑመር ኣል በሽር ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ ከሰስካ ክትፈርዶ ዘይሕሱብ እዩ። ክርሳዕ ዘይብሉ ግን፡ ዑመር ኣል በሽር ኣብ ስልጣን እንከሎ ቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን እዉን ብማዕዶ ክኸሶ'ምበር፡ ክሕዞን ክፈርዶን ክቐጽዖን ኣይከኣለን። ኣብ መወዳእታ ንዑመር ኣል በሽር ካብ ስልጣን ዘውረዶ ህዝቢ ሱዳን ባዕሉ እዩ። ብርግጽ ገበኑ እንተተረጋጊጹ፡ ኣብ ሱዳን ክሲ ክምስረተሉን ክፍረድን ክቕጻዕን ግቡእ ኮይኑ ናይ ህዝቢን መንግስቲን ሱዳን ሓላፍነት እዩ። ጉዳይ ናይ ከም በዓል በሽር ዓይነት መራሕቲ ፈታሒቱ ናይ ግዳም ሓይሊታት ዘይኮኑ ሃገራት ባዕለን እየን። ነዚ ንምግባር ከኣ ሃገራት ግቡእ መንግስታዊ ስርዓትን ሓያል ሕብረተሰብን የድልየን። ከምኡ ዝኣመሰለ ብቑዕ ሕብረተሰብን ሃገርን ብኸመይ ይትከል ኣብ ዝቕጽል ጽሑፋትና ክንምለሶ ኢና። ብዝተረፈ ዑመር ኣል በሽር ብግብሪ ንቤት-ፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ክርከብ ድዩ? እንተ ተረኪቡ'ኸ ንሱዳን ሳዕቤኑ እንታይ እዩ ክኸውን ንግዜ ዝግደፍ እዩ። እቲ ክሳብ ሕጂ ዝተራእየ ኣካይዳ ግን፡ ሚዛናውነት ዓለማዊ ደንቢ ዘመልክት እዩ።

**ይቕጽል**


ዑመር ኣልበሽር


ሓሰን ኣልቱራቢ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት መርየም ኸሊፋ ኣድረስ፡ ተኸሳሲ ስሚር ዑቕባኻድር ናስር፡ ደሃይ ስለዘይብልና ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ኣክረም ናስር ሳፊ፡ ተኸሳሲ ሳልሕ ዓብደስመድ መ/ኣማን፡ ደሃይ ስለ ዘይብልና ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ንያት ገብረእግዚኣብሄር ሃይለማርያም፡ ኣቦይ ገብረእግዚኣብሄር ሃይለማርያም ስለዝተሰወኡ ኣነ ወራሲቶም ምዃነይ ደረጋግጸለይ፡ ብፃልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣስቴር ማሰፍን ድማ ናይ ፍርቂ ማሰላ ይተሓለወለ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምልእተ ሃብቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓወት ከስተ፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ስመይ ብቛንቋ እንግሊዝ ስዓም ብቛንቋ ትግርኛ ድማ ሰለመ ምባል ተሪፉ፡ ሰለሜ ተስፋሚካኤል ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሱዛን ጥዑምዝጊ ተወልደ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሳባ ርእሶም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲታ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሮዳስ እምባየ ዘራጸየን ምባል ተሪፉ፡ ናርዶስ እምባየ ዘራጸየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወዘት ቀለታ ገብረገያርጊስ፡ ብፃል ቤተይ በርህ ክብሮም ስቡሓ፡ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 13 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሂያብኤል ሄኖክ ሓደሽ ምባል ተሪፉ፡ ሂያብኤል ሬድዋን ራዲ ሳልም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዝፋን እምባየ ረዳ፡ ኣዴና ሂወት ገብረሂወት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣብ ናትናኤል ሰለሙን ሞሓስ ምባል ተሪፉ፡ በኩረጽዮን ሰለሙን ሞሓስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሚካኤል ካሳ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ሚካኤል ኣማኒኤል ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተኽለወይኒ ካሕሳይ ዓንዳይ፡ ኣቦይ ነሂር ካሕሳይ ዓንዳይ ገብረዝጊ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቀሪቡ ብዕለት 25/08/15 ብቑ.መዝ 218/2018 ኑ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/10/ምም/ከ ማይ ተመናይ ቁ.ገዛ 19 ሎት ቁ.48Q ፓርሰል F ዝርከብ ቁ.ምስክር ወረቐት 13484 መወከሲ. ቁ.122786 ተመዝጊቡ ስፍሓቱ 296 ሚ.ኳ ቀንዲ ክፍልታት 2ተ ተሓጋገዝ 4ተ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸቦ ኑ፡ ፍርቁ ማለት 148 ሚ.ኳ ሓደ ቀንዲ ክፍሊ 2ተ ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ገዛ ዘሎዎ ምስ ካሽልኡ ምስ ዘይተሰርሐ ባዶ ቦታ ዘለዎ ብዕለት 24/8/2015 ዝተጻሕፈ ገይሩ ኣብ ቅድሚ መሰኻኽር ንዓይ ኣመልኪቱን ምስ ሓወይ ኣቶ ሚሊዮን ካሕሳይን ንሓፍተይ ሰበ ካሕሳይ ብህያብ ዝሃበና፡ ናብ ስምና ክስመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ብርሃ ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ ሂወት ዘርኡ ገብረክርስቶስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣቶ በረኸትኣብ ኣባይ ዑቕባ፡ ብፃልቲ ቤተይ ምልእተ ገብረያሱስ ኣዴግ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሄለን ሃብተ ተስፋየውሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የናስ በየን ሃይሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሃይማኖት የማነ ተስፋጼን፡ ብፃል ቤተይ ወልደሰንበት ሃብተማርያም ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሚሮን ኀይትኦም፡ ኣቦይ ኀይትኦም ተኸስተ ዑቕባጋብር ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣቶ ብስራት ማህደረ በርሀ፡ ወለድና ማህደረ በርሀ ታየትን ጸሃይቱ ወልዳይ ዞሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸገ ረዘ ገብረማርያም፡ ብፃል ቤተይ መምህር ስዩም ደባስ ሃይለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ይሕደጋ ተኸስተ መኮንን፡ ኣደይ ጸሃይቱ ተላ ገብረመድህን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኤርምያስ ስምኦን ሰለሙን፡ ብፃልቲ ቤተይ ሸዊት ገብረሂወት ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣርሴማ ያቆብ እምባየ፡ ወለደይ ያቆብ እምባየ ተስፋይን ኣስቴር የማነ ጸጋይን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

የዲት ሃይለ ስዩም ምባል ተሪፉ፡ ሳምራዊት ሃይለስላሴ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰረቐ ጸጋይ ወልደገብርኤል፡ ኣሕዋተይ በረኸት ጸጋይ ወልደገብርኤል፡ ብርኽቲ ጸጋይ ወልደገብርኤል፡ ዳንኤል ጸጋይ ወልደገብርኤል ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይን ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ብስራት ገብረትንሳኤ ባይሩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሙኤል የውሃንስ ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ቕረብ።

ኣቶ ናይዝጊ ገብረሚካኤል ተስፋየውሃንስ፡ ብፃልቲ ቤተይ ትርሓስ ወልደገርግሽ ገብሩ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣነ ወ/ሮ በናት ሰዒድ ዓብዱ፡ ኣቶ ጀማል መሓመድኑር መሳ ካብ ወላዲተይ ኣፍ/ራሓና ሰዒድ ዓብዱ ብውርሲ ዝረኸቦ ገዛ ኣብ ኣስመራ ዞባ 2 ምምሕዳር 06 ጎደና "ተ"ቁ/ገዛ 56 ሎታ 30 ፓርሰል A ዝርከብ ኣብ 250 ት/ሜ ዝተደኮነ 5 ቀንዲ ክፍልታት 4 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘለዎ ገዛ ብኮምሽን ኣብይቲ ከተማ ብምስክር ወረቐት ቁጽሪ 114981 መወከሲ. ቁጽሪ 112289/88 ብስም ኣፍ/ራሓና ሰዒድ ዓብዱ ዝተመዝገበ ብዕለት 08/09/2023 ኣብ ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ቀሪቡ ብህያብ ዝሃበኒ፡ ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ድማ ብቑ/መዝ /106/2023 ዘጽደቖ፡ ናብ ስም ወራሲ. ሓሊፉ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሐዚ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ወይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ምዃነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ በናት ሰዒድ ዓብዱ



## ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ክብርቲ ብፃልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣበባ ሰይፈ ዝተሰመዓና ኣዝዩ መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩማን ምስ ዓረፈት ክሳብ ዓዲ ደፈረ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገጽ።

ብፃል ቤታ ኣቶ ኣሰፋው ተኸስተ

(ኣስመራ መዘጸር ዓይኒ)

ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ ጽገናን ኣገልግሎት ምዝያትን ምንጋፍን ፕሪንተርን ፎቶኮፒን (Service & Maintenance) ኣጺጊ ትካል፡ ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ (ASmara College of Education)

ኣርእስቲ ውዕል፡ ውዕል ዓመታዊ ጽገናን ኣገልግሎት ምዝያትን ምንጋፍን ፕሪንተርን ፎቶኮፒን

ኣገባብ ጨረታ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ (ASmara College of Education) ፎቶ ኮፒየርን ፕሪንተርን ብቑዕ ናይ ኣገልግሎትን ጽገናን (Service and Maintenance) ዝሀቡ ዓሚል ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ ኣውዳዲሩ ክወዓዓል ስለ ዝደለየ፡ ንግዱሳት ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ፎቶ ኮፒ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን ፎቶ ኮፒ ታሴራን የቕርቡ።
2. ንመኽበሪ ጨረታ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ቸክ (CPO) የትሕዙ።
3. ተጫረትቲ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ይወስዱ።
4. ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዓሰርተ መዓልቲ (10) ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረቲ ወይ'ውን ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
5. ደረጃ ክእለት/ብቕዓት ዝገልጽ ሰነድ ፎቶ ኮፒ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡- ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ስልኪ 08204284 ብምድዋል ምውካስ ይካኣል።

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ



ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ

PROBLEM SOLVER Of High School ENGLISH

ዝርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ እንግሊዝኛ ብፍላይ ንተፈተንቲ ማትሪክ

ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ሓጺርን ንጹርን መግለጺ ኣብ ኩሎም ኣርእስትታት 9ይ፡ 10ይ፡ 11ን 12ን ክፍሊ
- ሕቶታት ምስ ሰፊሕ መግለጺታቶም
- ሕቶታት ምስ መልስታቶም
- ማትሪክ መሰል ሕቶታት




ንዝያዳ ሓበሬታ: 07121623- 07151337- 07377676

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ መደብ ‘ምልላይ ተውህቦታት’ ኣበጊሱ



ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ዘተግብሮ ዘሎ መደብ ምልላይ ተውህቦታት ኩዕሶ እግሪ፡ ሰንበት 07 ሓምለ - ካልኣይ ገጽ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማታት ሰንዓፈን ደቀምሓረን ኣበጊሱ።

ዕላማ ናይ’ቲ ኣብ 2023 ኣብ ሽዱሽተኣን ዞባታት ብቐዳማይ ገጽ ዝፈለመ መደብ፡ ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ተውህቦ ዘለዎም 50 ተጻወትቲ ብምልላይ፡ ንኽልተ ዓመት ዝቐጽል ስልጠና ኣዳሊኻ፡ ምሩጻት ተጻወትቲ ናብ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ንምጽንባር እዩ።

እቲ መደብ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽኩር፡ ኣዚዚ ክ/ሰራዊት 14 ሌ/ኮ ኢብራሂም ኣሕመድ (ወዲ ሓሊማ)፡ ሓለፍቲ ግንባርን መንግስትን፡ ኣባላት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ደቡብን ህዝቢ ሰንዓፈን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተኸፊቱ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽኩር፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ክሳብ 145 ዝበጽሑ ህጻናት ኣብ መደብ ምልላይ ተውህቦታትን ግረስ ሩትን ብምስታራት ኣሰልጢኖም ይእለዩ ከም ዘለዉ፡ እቲ ዝጀመረ ሽቶ ንምውቃዕ ድማ ምትሕብባር ናይ ኩሉም ኣካላት ክሕይል ኣዘኻኺሩ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ብወገኑ፡ ዕላማ ናይ’ዚ ናይ ክልተ ዓመት ዕድመ ዘለዎ መደብ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ትሕቲ 17 ዓመት ዝኸውን ብሉጻት ተጻወትቲ ምልላይን ምህብታም ክለባት ዞባታትን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ህዝባዊ ሰረት ክህልዎ ንምዕዋቱ ድማ ተራ ኩሉን መሻርኽትን ወለድን ኣገዳሲ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ደቡብ መም/ የናስ ካሕሳይ ድማ፡ እዚ መደብ ምልላይ ተውህቦታትን ግረስ ሩትን ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ መቐጸልታ ናይ’ቲ ኣብ ወርሒ መስከረም 2023 ዝጀመረ መደብ ምልላይ ተውህቦታት ኩዕሶ እግሪ ከተማ መንደፈራ ምዃኑ ብምብራህ፡ እዚ ብፍሉይ ጠመተ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዝተዋህበ ዕድል፡ መርኣያ ናይ’ቲ ብህዝቢን ምምሕዳርን ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣብ መዳይ ኩዕሶ እግሪ ዝግበር ዘሎ ምትብባዕን ጻዕርታትን ከምዝዀነ ኣስሚሩሉ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ’ውን ተመሳሳሊ መደብ ብምዕሩግ ስነ-ስርዓት ከም ዝተኻየደ ተፈሊጡ ኣሎ። እቲ ንኣስታት 130 ህጻናት ዝሓቘፈ መደብ፡ ብቴክኒካዊ፡ ታክቲካውን ኣካዳሚውን ትምህርቲ እናተሰላሰለ ክካየድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሕጂ ድማ ብምውላ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ደቡብ፡ ኣልያን ምክትታልን ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ብኽልቲኡ ጾታ ንዘመጽእ ክልተ ዓመት ክቕጽል እዩ።

## ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ማእከል ይቕጽል

ኩዕሶ እግሪ



ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ማእከል፡ ብሰኑይ 8 ሓምለ ብውድድራት ኩዕሶ እግሪ ቀጺሉ ነይሩ። ፈለማ ንምጌዳ ዝወረዳ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ደምሒና ምስ ደንደን እየን። ካብ መጀመርታ ዓበሊላ ዝወዓለት ጋንታ ደንደን ቀዳሚ ዕረፍቲ ካብ ሮዛ ሳሚኤል 2 ሸቶታት፡ ካብ ሰላም የማነ ንብረስላሰ ሓንቲ ሸቶ፣ ድሕሪ ዕረፍቲ ድማ ካብ ሓሊቃ ጋንታኣ ሰላም የማነ ብፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ሓንቲ ሸቶ ብምርካብ ብጠቕላላ 4ብ0 ንደምሒና ኣፋንያታ።

እዘን ጋንታታት ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝገበርኦ ግጥም፡ ኣማኑኤል ሙሴ ኣብ መበል 72 ደቒቕ ብዘመዝገቦ ሓንቲ ሸቶ፡ ጋንታ ደምሒና ንመጋጥምታ ደንደን 1ብ0 ስዒራታ። ቀጺለን እምባሶይራ ምስ ሂላል ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ጋንታ ሂላል ኣብ መጀመርታ 2ይ ደቒቕ ካብ ናትናኤል ተስፋማርያም ሸቶ ረኺባ - ጸወታ ብመራሕነታ ክትቅልሶ ጀመረት። ዝተመዝገበም ሸቶ ንኽሕውዩ ላዕልን ታሕትን ኢሎም ክሳብ ዕረፍቲ ዘይሰለጦም ጋንታ እምባሶይራ፡ ኣብ መበል 62 ደቒቕ እተመዓራርያም ሸቶ ኣመዝገበ። ድሕሪኡ ዝተመዝገበ ሸቶ ስለዘይነበረ ጸወታ ብናይ ሓባር ዓወት ማዕረ 1ብ1 ተዛዚሙ።

ኩዕሶ መርበብ

ቅኣ ስፖርት እዚ ማእከል ብሰሉስ 9 ሓምለ ብኩዕሶ መርበብ እውን ቀጺሉ ነይሩ። ብደቂ ኣንስትዮ ደምሒና ምስ ደንደን ኣብ ዘካየድኦ ግጥም፡ ጋንታ ደንደን 2ብ1 ተዓዊታ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ደንደን ምስ ደምሒና ዘካየድኦ መሳጢ ግጥም፡ ኣብ ቀዳማይ ሴት ጋንታ ደምሒና ክትዕወት እንከላ፣ ኣብ ካልኣይ ሴት ደንደን ተዓዊታ። ጸወታ ብውዕውዕ መንፈስ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ንሳልሳይ ሴት ደምሒና ጸብለል ኢላ ወዲኣቶ። ኣብቲ ፍጹም ግዜ ዘይሁብ ኣገዳሲ ቅልጡፍ ጸወታ ንራብዓይ ሴት ደንደን ከሲባትሉ። ኣብ ናይ መወዳእታ መፈላለዪ ሓምሻይ ሴት፡ ደምሒና ክትመርሕ ደንደን ከተርክብ ምስ ተረባረበ፣ ጸወታ ኣብ መወዳእታ መድረኹ በጺሑ። እታ ዘይትብዳህ ኮይና ዝቐረበት ጋንታ ደምሒና ድማ 16ብ14 ተዓወተትሉ። ጸወታ ድማ ብዓወት ጋንታ ደምሒና 3ብ2 ተዛዚሙ። ቀጺለን ጋንታ ሂላል ምስ እምባሶይራ ኣብ ዝተራኸባሉ ግጥም ጋንታ ሂላል 3ብ1 ተዓዊታ።

## ውድድር ኣትለቲክስ ማእከላይ ዕድመ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ

ንነ16 ንኡሳን ዞባታት ማእከል፡ ክሉብ መረብ ሰቲት ስፖርት ማሰልጠኒ ማእከል፡ ክሉብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ክሉብ ዙጋዝልስ (ኢንሹራንስ)፡ ክሉብ ፍረ ጻዕሪ (ሚ/ሕርሻ)፡ ሓቒፉ ካብ 5 ክሳብ 7 ሓምለ 2024 ኣብ ስታድዮም ኣስመራን ሆስቴልን ክእንገድ ዝቐየ ውድድር ኣትለቲክስ ማእከላይ ዕድመ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ። እዚ ውድድር ዓመታዊ ዝካየድ ኮይኑ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ኣስታት 300 ዝኾኑ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ኣትሌታት ከም እተሳተፉ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብዚ ንሰለስተ መዓልታት ዝተኻየደ ውድድር፡ ካብ 100 ሜትሮ ክሳብ 5000 ሽሕ ሜትሮ ውድድራት ትራክ፡ ከምኡ’ውን ናይ ተግባራት ሜዳ ውድድር ክካየድ ከሎ፣ ብዓርባ ጭማራ፡ ዩሳራ ኢብራሂም (ካብ ጸጸራት) ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ጸገ መርሃ (ካብ ጋላ ነፋሒ)፡ ሊድያ ግርማይ (ካብ ባርኽ) ስዒበንኦ። ብተመሳሳሊ ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ቃልኣብ መንግስትኣብ፡ ሩፋኤል ክብሮም፡ ሚግሮን ሃብተ ሰለስቲኦም ካብ ጸጸራት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዕወታት ኮይኖም።

ኣብ ናይ ዳርባ ዓረር - ሃና ኣየለ (ካብ ጋላ ነፋሒ)፡ ኣሕሎም ናስር (ካብ ጸጸራት)፡ ቤተልሄም ሰለሙን (ጋላ ነፋሒ) ዕወታት ኮይነን። ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ከኣ፡ ግርማይ ዓንደ (ካብ ጸጸራት)፡ ቃልኣብ መንግስትኣብ (ካብ ጸጸራት)፡ የሱፍ መሓመድ (ካብ ጋላ ነፋሒ) ተዓዊቶም።

ኣብ ዳርባ ዲስኮስ፡ ብደቂኣንስትዮ ቤተልሄም ሰለሙን (ጋላ ነፋሒ)፡ የርሳሌም ብርሃ (ጸጸራት)፡ የርኣበል ምሕረትኣብ (ጸጸራት) ክዕወታ ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ የሱፍ መሓመድ (ጋላ ነፋሒ)፡ ኤልያስ ክፍለ (ብውልቁ)፡ ግርማይ ዓንደ (ጸጸራት) ተዓዊቶም።

ኣብ ውድድራት መሬት ዝላ - ፊሩዝ ዓንደ (ጋላነፋሒ)፡ ደሴት እዮብ (ኢንሹራንስ)፡ የርሳሌም ጎይትኦም (ኢንሹራንስ) ክዕወታ ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ በሸር የኑስ (ጋላ ነፋሒ) ናቤል ተኽስተ (ጋላ ነፋሒ)፡ ሃብተ ሃብተማርያም (ጸጸራት) ዕወታት ኮይኖም።

ኣብ ናይ ሓጺርን ማእከላይን ርሕቀት ውድድራት ጉያ፡ ኣብ ናይ 100 ሜትሮ ጉያ - ናእሚ የናስ (ካብ ጸጸራት፡ የርሳሌም በየን ካብ ኢንሹራንስ፡ ሓርነት ፋሲል ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ክኾና እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ቢላል መሓመድ ካብ ጋላ ነፋሒ፡ ኖህ መሓሪ ካብ ጸጸራት፡ የናታን ሃብታይ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ተዓዊቶም።

ኣብ ውድድራት 200 ሜትሮ፡ ቅሳነት ፍስሃየ ካብ ኢንሹራንስ፡ ሶልያና ጉብርህይወት ካብ ጸጸራት፡ ናእሚ የናስ ካብ ጸጸራት ክዕወታ ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ቢላል መሓመድ ካብ ጋላ ነፋሒ፡ ናትናኤል ኤፍሬም ካብ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ኖህ መሓሪ ካብ ጸጸራት ተዓዊቶም።

ኣብ ናይ 400 ሜትሮ ድማ ሊድያ ኢሳቕ ካብ መረብ ሰቲት፡ ካናሪ ተኽለማርያም ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ፡ ሶልያና ጉብርህይወት ካብ ጸጸራት ክዕወታ ከለዋ፡ የሃንስ ክፍለማርያም ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ፡ ሴም ዘርኣይ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ናትናኤል ኤፍሬም ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ተዓዊቶም።

ኣብ ናይ 800 ሜትሮ፡ ጽጋቦት መብራህቱ (ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ)፡ የሃንስ ክፍለማርያ (ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ)፡ ጉብርኣብ የናስ (ካብ መረብ ሰቲት) ክዕወቱ እንከለዉ፡ ሊድያ ኢሳቕ (ካብ መረብ ሰቲት)፡ ካናሪ ተኽለማርያም (ካብ ፍረጻዕሪ ሚ/ሕርሻ)፡ ሊድያ እድሪስ (ካብ መረብ ሰቲት) ድማ ተዓዊተን።

ኣብ ናይ 1500 ሜትሮ፡ ኣድያም ይሕደጎ፡ ሚካል ጉብረሚካኤል፡ ሲና ፍትዊ ሰለስቲኣን ካብ ክሉብ ኢንሹራንስ ክዕወታ ከለዋ፡ ዱብር ናስር (ካብ ሰገን)፡ ኣማኒኤል በርሀ (ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ) ተዓዊቶም። ኣብ ናይ 3000 ሜትሮ ድማ፡ ሚካል ጉብረሚካኤል (ካብ ኢንሹራንስ)፡ ድያና ሽሻይ (ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ)፡ ሮዛ ሳለ (ካብ መረብ ሰቲት) ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ክኾና ከለዋ፡ ሳይሞን ተስፋሚካኤል (ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ)፡ ዱብር ናስር (ካብ ሰገን)፡ ኣቤል ተኽስተ (ካብ ሰገን) ኣብ ፖድየም ደይቦም።

ኣብ ውድድራት 5 ሽሕ ሜትሮ ድማ፡ ሳይሞን ተስፋጊርግሽ (ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ ሕርሻ)፡ ኣቤል ከስተ (ሰገን)፡ ናሆም ተስፋይ (ፍረ ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ) ተዓዊቶም። ኣብ ናይ ደቀኣንስትዮ ከኣ፡ ማርያ ዓሊ (ካብ መረብ ሰቲት)፡ ድያና ሽሻይ (ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚ/ ሕርሻ) ሰላሚት ሓይልኣብ (ካብ ኢንሹራንስ) ተዓዊተን።

እዚ ናይ ማእከላይ ዕድመ ውድድራት ኣትሌቲክስ፡ ኣብቲ ካብ 26 ክሳብ 28 ሓምለ ዝካየድ ሃገራዊ ውድድር ኣትሌቲክስ ማእከላይ ዕድመ፡ ንዞባ ማእከል ወኪሎም ዝሳተፉ 105 ኣትሌታት ንምጽራይ ዓሊሙ’ዩ ተኻዩዱ።

ዓሚ ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድራት ጁንየር (ትሕቲ 20 ዓመት)፡ ዞባ ማእከል ብኽልቲኡ ጾታ ጉብለል ብምዃን ዓባይ ዋንጫ ክትዓትር በቒዓ ምንባራ ይዝከር።





# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ቓዛ - እስራኤል ኣብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ ብዘካየደቶ ደብዳብ 29 ሰባት ሞይቶም

እስራኤል፡ ኣብ ‘ኻን ዩኒስ’ ኣብ ዝርከብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ ብዘካየደቶ ናይ ኣየር ደብዳብ፡ ብውሕዱ 29 ሰላማውያን ሰባት ከምእተቐትሉ ሱብ-መዚ. ሚኒስትሪ ጥዕና ወሸመጥ ቓዛ ሓቢሮም።




ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝተደኰነ መዕቆቢ. ተመዛበልቲ ብዝተኻየደ ደብዳብ፡ ካልኦት ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ቈልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም ህሱያት’ውን ከምዝለዉ. ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል ስግኣቶም ይገልጹ።

“እስራኤል፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ‘ጃማላዊ ህልቂት’ ትፍጽም ኣላ” ዝበሉ እቶም ሱብ-መዚ. ሚኒስትሪ ጥዕና ወሸመጥ ቓዛ፡ ዝ. ዳሕረዋይ ደብዳብ ‘ኣዝዩ ዘሰካሕክሕ’ ክብሉ ገሊጾምዎ።

ዝሓለፈ ቀዳም ብተመሳሳሊ፡ እስራኤል ኣብ ማእከላይ ክፋል ወሸመጥ ቓዛ - ልዕሊ. 2000 ተመዛበልቲ ተዓቚቦምሉ ኣብ ዝርከብ ቦታ ብዘካየደቶ ናይ ኣየር ደብዳብ፡ ብውሕዱ 16 ሰባት ከምዝሞቱ ይሕበር።

ኣብ’ቲ 8 ኣዋርሕ ኣቚጺሩ ዘሎ ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዝበዝሑ ቈልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም ልዕሊ. 38,200 ሰባት ከምዝሞቱ እዩ ዝሕበር።

## ንግዳዊ ሽርክና ሩስያን ኣባላት ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይን ብ25 ሚእታዊት ዓብዩ



ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ ሩስያን ኣባል ሃገራት ‘ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይን’፡ ኣብ ዓመት-2023 ብ25 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፡ ሚኒስተር ንግዲ ሩስያ ኣንቶኒ ዓሊኻኖቭ ሓቢሩ።

ብመሰረት ሚኒስተሪ ንግዲን ኢንዳስትሪን ሩስያ፡ ኣብ 2023 ኣብ መንጎ ሩስያን ኣባላት ‘ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይ’ ዝኾና ሃገራትን ናይ ኣስታት 333 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ቁጠባዊ ምልውዋጥ ተገይሩ።

ሚኒስተር ኣልኻኖቭ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሩስያ ኣብ ኣባላት ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይ ቀጥታዊ ናይ ኣስታት 10.2 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ባጀት ኣብ መዓላ ከምዝዘውዓለት ኣረዲኡ።

ኣብ 2001 ዝተመስረተ ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይ፡ ንሃገራት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ፌደረሽን ሩስያ፡ ህንዲ፡ ፓኪስታን፡ ኪርጊስታን፡ ታጃኪስታን፡ ኻዛኽስታን፡ ኡዝበኪስታን፡ ኢራን. . . ይሓቑፍ።

ዕላማ ናይ’ዚ ውድብ - ምሕያል ዝምድናታት ኣብ መንጎ ኣባል ሃገራት ብሓፈሻ፡ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ትምህርታውን ንግዳውን ድማ ብፍላይ፡ ሓቢረን ንምስራሕ ምዃኑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## ካሊፎርንያ- ብርቱዕ ሙቐት ኣብ ሰብን ትሕተ-ቅርጽን ጉድኣት የውርድ

ኣብ ክፍለ-ሃገር ካሊፎርንያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት፡ ብሰንኪ. ብርቱዕ ሙቐት ልዕሊ. 460 ሰባት ከምዝሞቱን፡ ልዕሊ. 7.7 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ቁጠባዊ ክሳራታት ከምዝወረደን - ኣብታ ሃገር ዝተገበረ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣረዲኡ።

ብመሰረት እቲ ሓድሽ መጽናዕቲ፡ ኣብ 2022 ኣብ ካሊፎርንያ ብዘጋጠመ ብርቱዕ ሙቐት፡ ብውሕዱ 200 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ልዕሊ. 2.2 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ቁጠባዊ ክሳራ ወሪዱ።

ብሰንኪ. ማዕበላዊ ዋዒ. ኣብታ ክፍለ-ሃገር ኣብዘን ቀረባ መዓልታት ጥራሕ፡ ልዕሊ. 5000 ሰባት ኣብ ሆስፒታላት ክዕቆቡ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ. 10 ሽሕ ናብ ህጹጽ ረድኤት ከምእተላእኩ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ ካሊፎርንያ ዝተኸስተ ባርዕ ጫካ፡ ኣብ ሰፈሕ ከባቢታት እታ ክፍለ-ሃገር ናይ ኤለክትሪክ ብልሽትን ናይ ትሕተ-ቅርጺ. ዕንወትን ከምዝሰዓበ፡ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ መሬት ከምዝቃጸለ፡ ልዕሊ. 210 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ክሳራታት ከምዝወረደ - እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ. ዝገልጹ።



ኣብዚ. ሕጂ እዋን ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዓለምና ተኸሲቱ ዘሎ ማዕበላዊ ዋዒ፡ ንጥዕና ደቂ-ሰብ፡ ቁጠባን ትሕተ-ቅርጽታትን ሃገራት የዕኑ ከምዝሎ ዝሓበሩ ክኢላታት፡ ምቁጽጻሩ ናይ ኩለን ሃገራት ሓላፍነት ምዃኑ ኣመልኪቶም።

ቡቲ ኣብ ካሊፎርንያ ኣብ’ዛ ዓመት እዚኣ ካብ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ባርዕ ጫካ፡ እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ዝንገረሉ ዘሎ ሓደጋ፡ ዛጊት ልዕሊ. 15,600 ሄክታር መሬት ከምዝባደመ እዩ ዝሕበር።

## ቁጠባ ብሪጣንያ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ወሪዱ

ቁጠባ ብሪጣንያ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ንፈለማ ግዜኡ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ወሪዱ ምህላዉ. - ሓዳስ ቻንስለር ግምጃ እታ ሃገር ራቸል ሪቨስ ሓቢራ።




ኣብ ዝሓለፉ 14 ዓመታት፡ ኣብ ብሪጣንያ እቲ ዝኸፍአ ቁጠባዊ ቅልውላው ከምእተኸስተ ዝጠቐሰት ቻንስለር ራቸል ሪቨስ፡ ኩሎም እቶም ኣቐዲሞም ንግምጃ ብሪጣንያ ክመርሑ ዝጸንሑ ሱብ-መዚ. - ንቁጠባ እታ ሃገር ከምዝዳኸምዎ ወቒሳ።

ፖሊሲታት ፖለቲካዊ ሰልፊ - ቶሪስ፡ ኣብ 2023 ኣብ ዓመታዊ ኣታዊታት ግብሪ መንግስቲ፡ ኣስታት 74 ቢልዮን ዶላር ክሳራ ከምዘውረደ - ራቸል ሪቨስ ብተወሳኺ. ገሊጻ።

እቲ ዝተኸሰረ መጠን ገንዘብ፡ ንህዝባዊ ኣገልግሎታት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሆስፒታላትን. . . ዳግማይ ክበራብር ዝኽእል ግዚፍ ባጀት ምንባሩ፡ እታ ቻንስለር ኣገንዚባ።

ብመሰረት ጸብጻብ መጽሄት ‘ዘ ጋርድያን’ - ቁጠባ ብሪጣንያ ብሰንኪ. ተላባዒ. ሕማም ኮቪድ-19 ናይ መጉብርሮ ቅልውላዋት፡ ኣብ ብረግዚት ብዝተኸስተ ዘይምርግጋእ ተወሲኹዎ፡ ኣብዚ. ሕጂ እዋን ኣብ ዘድኸመ ደረጃ በጺሑ ኣሎ።

ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ኣብ’ዛ ዓመት እዚኣ - ጃምላ ሃገራዊ እቶት ብሪጣንያ ብ0.5 ሚእታዊት ጥራሕ ዕብየት ክርኢ. ምዃኑ ኣሚቱ ኣሎ።

### ወለዶ ሳዋ

በሽሪ ማህደር ናይ ታሪኽ ወለዶ
ሓርነት ዘፍለሶ
ሰናድር ጽገዕትካ እምባ ዘይጸሮ
ኣብ ጉምባሕ ዓመጽ ትህኪት
ዘይትኽእሎ፡
ፍረ ናይ ናጽነት - ናይቲ መሪር
ቃልሲ.
ዝበበረ እንግድዓ ተናኹልቲ፡
ከይዱ እንክይደኸመ ህሮሩማ ዘጥለለ
ንጸልማት ናብ ብርሃን ክቕይር -
ሰለም ዘየበሉ፡
ኮኾብ ከዋኽብቲ ንኹሉ ትኽእሎ
ናይዚ. ዘመን እዚ. ኣጥበ መቐይሮ
ንሓምላይ ዝፈጥር ጽምኢ. ከይሰዖር፡
ኢያ ማስገደላት፡ ብዓቕሊ. ትሰየሮ
ጋሻ ወሕጅ ንሕኩ ዘይዘቐ
ንኹሉ ኣብ ጽገዕት ብጽገዕት
ትሓልፎ
ብዋዜ ዝምኣዘን ግዜ ዘደድክዋ፡
ጽላል ኣወለዕ ንረአኢ ብርሃኡ
ዝውልዕ
ትኽል መትከል ዕላምኡ ዘጽንዕ
ንጽባሕ ዝጥምት ንእሱት ከየሐንቀቐ
ዝቃለስ ክጸርግ ንኹሉ ማሕንቖ፡
እንግድዓኡ ዘይብቖቐ - ከዕርፍ ዘይባለ
ምስ ኢያኡ ኣብ መትከል ዘትከሉ፡
ኣብ ፈትሊ. ትግሊ. - እምነቱ
ኣተርኢሱ
ሕልቢዓመጽ እናፋጸየ ብቕድሚኡ
ዘይቀዝዝ ከዓው ንመትከሉ፡
ወላድ ሳዋ፡ ሓይሉ ዘማኽረ
ኣብ ባሕሪ ምድርን ሰማይን
ትርር ‘ተበለ እዚ. እዋን - መሊሱ
ዝሓንን
ንቕሎ ዘየድልዮ ቑጸሉ ዝሓድር፡
ከምዛ መርፍእ - በሊሕ እዩ ፍጥር
ክብል
ኣብ ቦታ ስራሕ እዩ ኩለንትናኡ
ዘትክል
እሳት እናጉዛረ መንፈሱ ዘተርር፡
ንቕሕ እዩ ብንእሱ ዝመርሕ
ሃገራውነቱ ኣብ ደሙ ዘቃልሕ
ጽኑዕ መትከል፡ ንተረር መድረኽ
ብዓቕሊ. ዝጻወር
ብዋዜያዊ ብርሃን ኣዒንቱ ዘይዓውር
ማሰሬ የብሉን ናይዚ. ወለዶ’ዚ.
ኣብ ጅግንነት ዝኩር ወረሰ.
ኣውራሲ፡
ወንጭፍ ሰላም ዘይጠፍእ ሃልሃልታ
ኣርሓ ብደሀታት ንጸላእቲ ዝበርካ
መኸተምታ፡
መሪሕ ተማራሒ፡ ቡታ ናይ ትግሊ.
ፈትሊ.
ንጸበ ሕሰም ንመኸተ ቃልሲ.
ዘራብረቡዩም ብዓቕሊ. ትዕግስቲ
ዓንተር ዘይትጸዓድ፡ ቅያጓ ትንግርቲ
ኣርሓ ወዲ. ሳዋ ጉብለል ናይዚ.
ወቕቲ
ኣብ መኸተ ዝከበር ንመኸተ ርስቲ
ዞባና ሰላም ክየለ - ዘየዘልቐ ዕጥቂ፡

ጅማ/ ደጀን ተኽለ

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ኪዳነምሕረት | 11/07/2024 | ጎደና ሰሓርቲ - 835 ቁ.115፡ ከባቢ. ቤት ትምህርቲ ሰምበል | 07113046 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services